# ጥምቀት ዘእግዚእነ
# ወኣስተርእዮተ መላእክት

(19/01/2006 - ፲፩ ጥሪ 2006)

(ቲቶ ፫፡ 4 -8፣ ፩ዮሓ ፭፡ 5- 13፣ ግ.ሓ. ፲፡ 34 - 39፣ ሉቃ ፫፡ 21 - ፍጻ፣ ማቴ ፫፡ 13 -ፍጻ)

ቤተክርስትያን ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ስእሊ ኢየሱስ ብዕድመን ብጸጋን ብጥበብን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔርን ሰብን ኣብ ናዝሬት ኪዓቢ እንከሎ ምስ ኣርኣየትና፡ ሎሚ ስእሊ ጥምቀቱ ክነስተንትን ተቕርበልና። ኣብ ጥምቀቱን ናብ ስብከቱን መንነቱ ስለዝገለጸ፡ ካብ በዓል ልደት ጀሚሩ ክሳዕ ጾመ ሕርቃል ዘሎ ጊዜ ዘመነ ኣስተርእዮ፡ ወይ ኤጲፋንያ ማለት ዘመነ ግልጸት ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ብመዓልቲ ጥምቀት ኣብ ቅዳሴ ዚንበብ ቀዳማይ ንባብ (ቲቶ 3፡ 4) "እቲ ናይ መድኃኒና ናይ ኣምላኽ ሕያውነትን ፍቕሩ ንሰብን ምስ ተገልጸ፡ ንሱ ብምሕረቱን ብምሕጻብ ሓዲሽ ልደትን ብምሕዳስ መንፈስ ቅዱስን ኣድሓነና . . ." ዚብል ጥቕሲ ኣትኩሮና ናበይ ኬብል ከምዘሎዎ ይገልጸልና። ከምኡ ወንጌል እውን ብዛዕባ ጥምቀት ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ብኢድ ዮሓንስ መጥምቕ ምስ ተዛረበ፡  ኢየሱስ ካብ ማይ ወጺኡ ኣብ ጸሎት እንከሎ፡ መንፈስ ቅዱስ በርኣያ ርግቢት ልዕሊኡ ወረደ፡ "ብኣኻ ዝሠመርኩ ፍቱው ወደይ ኢኻ" ዚብል ድምጺ እውን ካብ ሰማይ መጸ። እቲ ክሳብ እቲ እዋን እቲ ወዲ ዮሴፍ ወዲ ኤሊ፡ ወዲ ማቲ፡ ወዲ ሌዊ ... ተባሂሉ ዚሕሰብ ዝነበረ ሕቡእ መንነት ኢየሱስ ካብ ጥምቀቱ ንደሓር እናተጋህደ ከደ።

ኣብ ሕይወት ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ጥምቀት ሓደ ወሳኒ እዋን ይኸውን። ማርቆስን ዮሓንስን ብዛዕባ ልደት ኢየሱስ ዘየዘንተዉ፡ ብዛዕባ ጥምቀት ኢየሱስ ግና ኵላቶም ኣርባዕቲኦም ወንጌላውያን ይጠቕሱዎ። እዚ ድማ ቀዳሞት ክርስትያን ንጥምቀት ኣብ ሕይወት ኢየሱስ ክሳዕ ክንደይ ወሳኒ ቦታ ይህቡዎ ከምዝነበሩ ይገልጸልና። ሎሚ ኣባና እውን እንተኾነ፡ ብናይ ምዕራብ  ዓለም ንግደታዊ ጥቕሚ ጽልዋ፡ በዓል ልደት እናዓብለለ ይመጽእ ኣሎ'ምበር ኣብ ሃገርናን ኣብ ምሥራቓዊት ቤተክርስትያንን ጥምቀት ምስ ፋሲካን ጳራቕሊጦስን ቅድሚ ልደት ይሥራዕ ነበረ። ምኽንያቱ፡ ክሳዕ ሽዑ  ናብ ሰብ ከይቀረበ ኣብ ናዝሬት ተሓቢኡ ዝጸንሐ ኢየሱስ፡ ካብ ጥምቀቱ ንደሓር መንነቱ ይገልስ፡ ናብ ምብሣር መንግሥቱ ይዋፈር፤ ስብከቱ ተቐቢሎም፡ ምስኡ ዚዋፈሩ "ሓዋርያት" የናዲ፡ ንቤተክርትያኑ ዚመርሕ ጴጥሮስ ይምልምል፡ ወዘተ. ወዘተ.።

ምሉእ ትርጉም በዓል ጥምቀት ኣብ ሕይወት ጐ. ኢየሱስ ቅ. ጴጥሮስ ኣብቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ጥቕሲ  ግ.ሓ. ፲፡ 38 "ኢየሱስ በዓል ናዝሬት፡ ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስን ብኃይልን ከምዝቐብኦ፡ ኣምላኽ ምስኡ ስለዝነበረ እናዞረ ጽቡቕ ከምዝገበረ፡ ነቶም ሰይጣን ዝሰዓሮም ከምዘሕወየ ትፈልጡ ኢኻትኩም።" ይገልጸልና። ዚቕብኡ ካህናትን (ኣሮንን ደቁን) ነብያትን (ኢሳይያስ 61፡ 1-3)፡ ነገሥታትን (ሳኦል ፩ ሳሙ ፲፡ 1፣ ዳዊት ፪ ሳሙ ፪፡ 1-4) ኢዮም ነይሮም። ኣብ ጥምቀቱ እምበኣር ኢየሱስ ምእንቲ ሕዝቡ ዜማልድ መዝነት ሊቀ ክህነት (ሉቃ ፬፡ ዕብ ፬፡ 14- ፭:10) ይቕበል፡ ነቢይ ኣምላኽ ኰይኑ ቃል እምላኽ ኬበሥር ሓላፍነት ይስከም (ሉቃ ፯፡ 16፣ ዮሓ ፱:17)፡ ናይ መርሕነት ተልእኮ ተቐቢሉ ድማ ከም ሕያዋይ ጓሳ (ዮሓ ፲፡ 1-19፣ ፲፰፡ 13-14) ንሕዝቡ ኬገልግል ይለኣኽ። በዚ ምኽንያት ኣብታ ኣብ ናዝሬት ዘስማዓ ቀዳማይ ስብከቱ ካብ ኢሳ 61፡ 1-3 ምሰንበበ "እዚ ንባብ ሎሚ ኣብ ቅድመኹም ፍጻሜ ይረክብ ኣሎ" (ሉቃ 4፡ 21) ኢሉ መዓልቲ ትጽቢት ተወዲኡ እቲ ቅቡእ ንሱ ምኻኑ ይገልጸሎም። ከምኡ፡ ቅድሚ ሓዋርያት ኪጽሊ እንከሎ፡ ክህነቱ ይገልጽ (ዮሓ ፲፯)፡ "ንጉሥ ኢስራኤል!" ኢሎም ንኢየሩሳሌም ምሰእተውዎ ነቲ ክብረት ይቕበሎ፡ ነቶም "ሱቕ ኣብሎም!" ኢሎም ዚሓትዎ ፈሪሳውያን ግና፡ "እዚኣቶም እንተጽቐጡ ኣእማን ኪምስክሩለይ ኢዮም!" ኢሉ ሱቕ የብሎም፡ ንጲላጦስ ንጉሥ ምዃኑ መስክረሉ ወዘተ. ። ቅ. ሉቃስ ካብ ምዕ. 4 ንኤው ኢየሱስ ኪምህርን (ነቢይ) ኬሕውን (መሪሕ) ምስኣርኣየና "እቲ ኪመጽእ ዘለዎ (መሲሕ) ንስኻ ዲኻ ወይስ ንጽበዮ ካልእ ኣሎና?" ኢሎም ዚሓትዎ ልኡኻት ዮሓንስ መጥምቕ የቕርበልና እሞ፡ "ንዮሓንስ ዝረኣኽምዎን ዝሰማዕክምዎን ኣብጽሑሉ፡ ዕውራት ይርእዩ፡ ሓንካሳት ሰጥ ኢሎም ይስጕሙ፡ ለምጻማት ይነጽሑ፡ ጸማምት ኪሰምዑ ይኽእሉ፡ ምዉታት ድማ ይትንሥኡ፡ ድኻታት ድማ ይብሠሩ ኣለዉ። ብኣይ ምኽንያት ዘይተዓንቀፉ ብጹዓን ኢዮም።" (፯፡ 18-23) እናበለ እቲ ኣብ ጥምቀት ዝተቀበሎ ኃይልን ቅብኣትን ከመይ ገይሩ ኣብ ኢየሱስ ይግለጽ ከምዝነበረ፡ ወይ በዘረርባ  ቅ. ጴጥሮስ ዝበሎ፡ "ኣብ ኵሉ ጽቡቕ እናገበረ ከምዝኸደ" የርእየና።

እምበኣር ሎሚ ኢየሱስ "መሲሕ" ማለት "ቅቡእ" ኰይኑ ናብ ዓለም ዝተላእከሉ መዓልቲ ኢዩ።  ማለት ኢየሱስ ሓጢኣት ዓለም ኪስከም ኣብ ክንዲ ምሉእ ውሉደ ኣዳም ኰይኑ ምስቶም ካልኦት ተነሳሕቲ ኣብ ቅድሚ ዮሓንስ ኪቀርብ ተሠርዐ። ካብ ማይ ጥምቀት ኪወጽእ እንከሎ ድማ "ክርስቶስ" ኰይኑ ኪወጽእ ክንዕዘቦ ዕድል ንረክብ ኣሎና። ካብ ሽዑ ንኤው ነቲ ዮሴፍን ማርያምን ዜውጽኡሉ ሽም "ኢየሱስ" ወይ "ኣምላኽ የድኅን ኢዩ" ተኸተልቱ መሲሕ ወይ ክርስቶስ ዚብል ቅጽል ወሲኾምሉ።

እዚ ኣብ ጥምቀት ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተፈጸመ ቅብኣት ብመጠኑ ኣብ ልዕሊ ነፍስወከፍና እውን ይፍጸም ኢዩ። ብመዓልቲ ጥምቀትና ንሕና እውን መንፈስ ቅዱስ ንቕበል፡ ንሕና'ውን ንቕባእ እሞ "ክርስትያን" ማለት "ቅቡኣት" ኮና።

ሳላ እዚ ጸጋ፡ ሕያውነትን ፍቕርን መድኃኒና ዝኾነ ኣምላኽ ኣባና ተገለጸ እሞ፡

ሳላ ዝገበርናዮ ግብሪ ጽድቂ ዘይኮነስ ብምሕረቱ ካልኣይ ልደትን ብመንፈስ ቅዱስን ምሕዳስን ተቐቢልና።

ኣብ ጥምቀትና መንፈስ ቅዱስ ኣባና ስለዝዚዓስል፡ ጽድቂ ንረክብን፡ ወረስቲ ዘለዓለማዊ ሕይወት ንኸውንን (ቲቶ 3 ርአ)። ስለዚ ከምቲ ጴጥሮስ ዚብሎ "ተኻፈልቲ መለኮታዊ ባህሪ ኣምላኽ" ንኸውን። ወይ ከኣ ከምቲ ኣብ ፩ ዮሓ 5፡12 እነንብቦ "ወዲ ኣምላኽ ኣብኡ ዚነብር ሕይወት ኣለዎ ..."

ኣበው ቤትክርስትያን ነዚ ኪሓስቡ እንከለዉ "ክርስትያን ሓወይ፡ መዓርግኻን ክብረትካን ክሳዕ ክንደይ ምዃኑ እስከ ሕሰብ!" ይብሉ። ስለዚስ ጥምቀት ሓደ መሠረታዊ ለውጢ ኣብ መንነትና ዜምጽእ ኢዩ። ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ፡ "ብሓቂ ብሓቂ ክብለካ ሰብ ካብ ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስ እንተዘይተወልደ ናብ መንግሥተ ኣምላኽ ኪኣቱ ኣይክእልን ኢዩ።እቲ ካብ ሥጋ ዝተወልደ ሥጋ ኢዩ፡ እቲ ካብ መፈስ ዝተወልደ መንፈስ ኢዩ። ካልኣይ ክትውለዱ ግዲ ኢዩ ስለዝበልኩኻ ኣይግረምካ" (ዮሓ 3፡ 5 ርአ) ብምባል፡ ጥምቀት ናይ ሕይወትን ሞትን ጉዳይ ከምዝኾነ ይገልጽ። ጥምቀት ካልኣይ ልደት፡ ማለት ናይ መንፈሳዊ ሕይወት ደረጃ መባእታ ከምዝኾነ ኢየሱስ ብዘየጠረጥር ቅዝላት ይገልጸልና።

ሳላ ጥምቀትናን ምስኡ ዚመጽእ ቅብኣትን ንሕና እውን ኣብ ናይ ክርስቶስ ክህነታውን፡ ትንቢታውን፡ ንጉሣውን ተልእኾ ንካፈል።

ትኻፈልቲ ክህነት ክርስቶስ ሳላ ዝኾና እንረኽቦ መዓርግ "ቅቡል ዝኾነ መንፈሳዊ መሥዋዕቲ" (፩ ጴጥ፪፡ 5) ክነቕርብ ንኽእል። ማለት ድማ፡ ንሕና እነብጽሖ ጸሎት ሳላ ክርስቶስ ናብ ቅድሚ ኣምላኽ ኪቐርብ ይኽእል እሞ፡ ከም ቅቡልን ዜስልጥን (ያዕ5፡16) መሥዋዕቲ ኰይኑ ይርከብ።

ኣብ ትንቢታዊ ሓላፍነት ክርስቶስ ብምክፋልና "ኪዱ መሃሩ!" ንዚብል ትእዛዝ ሰሚዕና ክንዛረብ እንከሎና "ንዓኹም ዝሰምዐ፡ ንዓይ ይሰምዕ፡ ንዓኻትኩም ዝነዓቐ ንዓይ ይንዕቕ" እናበለ ክርስቶስ ብኣና ከምዚዘረብ የርእየና።

ንጉሣዊ ጸዋዕታን ተልእኾን ክርስትያን ድማ፡ ኣብ ሓልዮት ሓውና የዋፍረና። ስለዚ እግሩ ክሳዕ ምሕጻብ ንኃልየሉ፡ ናብ መንገዲ ጽድቂ ንመልሶ።